# ርክብ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
# ምስ ሓምላይ ሰልፊ ጀርመን

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 10.06.2009



ብዕለት 4 ሰነ 2009 ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከተማ ክረፈልድ፡ ጀርመን፣ ወካሊት ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ወይዘሮ ኣድያም ተፈራ፣ ምስ ወይዘሮ ክርስቲን ሙለር፡ ኣባል ሓምላይ ስልፊ፡ ኣባል ባይቶ ጀርመን፡ ሓላፊት ወጻኢ ጉዳያት ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣፈኛ ወጻኢ ጉዳያት ሓምላይ ሰልፊ ጀርመንን ተራኺባ። ወይዘሮ ኣድያም፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ፡ መትከልን ራእይን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ብሰፊሑ ገሊጻን ሰነዳት ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮን ሰነዳት ሰልፍን ውን ኣቕሪባ።

ዕላማ ናይቲ ብምትሕብባር ሓምላይ ሰልፊ ክረፈልድ፡ ብፍላይ ኣቶ ክሪስቶፍ ቦንደርስ፡ ኣፈኛ ወጻኢ ጉዳያት ሓምላይ ሰልፊ ክረፈልድ፡ ምስ'ታ ብምኽንያት ምርጫ ኤውሮጳ ኣብ ዝግበር ዘሎ ወፈራ እትንቀሳቐስ ዘላ ወይዘሮ ክርስቲን ሙለር፡ ዝተገብረ ዝርርብ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1. ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ዝምድና ምስ ሓምላይ ሰልፊ ምፍጣርን ምድልዳልን፤
2. ህልዊ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ምግላጽን ምሕባርን፤
3. ጠንቂ ዋሕዚ ስደት ኤርትራውያን መንእሰያት ናብ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ሊብያ፡ ግብጺ፡ ሃገራት ኤውሮጳን ማእከላይ ምስራቕን ጸገማቶምን፤
4. ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ወጻእን ውሽጢ ሃገርን ነይሩ።

ወይዘሮ ክርስቲን ሙለር ብወገና፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ኤርትራ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኩነታት ህዝቢ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ወቕትታት ብዝፈጸመቶ ዑደታት ከም ተኸታተለቶን፡ ብቐጻሊ ክትከታተሎ ምዃናን ገሊጻ።

ኣብ 2004 ከም ኣባል ወጻኢ ጉዳያት መንግስቲ ጀርመን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነባሪ ሰላም ንምምጻእ፡ ሓያል ጻዕሪ ከም ዘካየደት ኣብ ልዕሊ ምግላጻ፣ ዘይተዛዘመ ዶባዊ ግርጭት፡ ንሓፈሻዊ ምዕባሌ፡ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ፖሊቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላውን ካልእ መዳያትን ዓንቃፊ ግደ ከም እተጻወተን ይጻወት ከም ዘሎን፣ ነዚ ንምፍታሕ ድማ ብቐጻሊ ክትጽዕር ማ`ና ሓቢራ።

ኣብ ወርሒ ነሓሰ፡ 2009 ኣብ ቤት ጽሕፈት ከለን፡ ወይ በርሊን፡ ምስ ወከልቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ዝርርብ ንኽትገብር ድማ ቅሩብነታ ገሊጻ ኣላ።